ቀዳመይቲ መልእኽቲ Asher, ናብ ብጉይታ ሓፍተይ Ariam Mehtsentu፦ ሰላም ንዓኺ።

መጀመርታ ስለ መልሰኺ የመስግን። እዚ መልሲኺ ግና ብዙሕ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዘዛርብ እዩ። ሕደት ነገር ጥራይ ክብለኪ።

1. `` I do follow and bow down to the authority of the word of God.`` ምባልኪ ብጣዕሚ ጽቡቕ። ከምዚ እትብልዮ እንተዳኣ ኲይኑ እቲ ሓቂ ግና፡ ሕቶታታት ክሓተኪ እየ።

2. ነቲ፡ ``Paul is giving Timothy an apostolic authority to guide the church. Again there was no complete New Testament at that time. He therefore was charging him to act on his behalf as an apostle with distinct level of authority that is non like any other church servant in our time (after the completion of the entire Bible). `` ዝበልክዮ፦

- ጳውሎስ፡`` `ሕጂ the completion of the entire Bible` ገና ኣይበጽሐን ስለ ዘሎ፡ on my behalf as an apostle with distinct level of authority act ዝገብሩ ሰባት appoint ክገብር ኣለኒ`` ዝብል መርሖ ይኽተል ከም ዝነበረ፡ በዚ መርሖ እዚ ተደጊፋውን ንቲቶስን ንጢሞቴዎስን ከምኡ ከም ዝበሎም፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርተየ ኣበይ ኣለኪ፧ ንምኻኑ፥ ጳውዒት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ ብኣምላኽ ተመዚዞምን ተሸይሞይሞን ምልኣኾምን፣ ሓድሽ ኪዳን ተጻሒፉ ምዝዛሙን ዘይምዝዛሙን እንታይ ምትእሰሳር ኣለዎ፧ ዋላ ሓንቲ! (Nothing!) እንተለዎ፡ ሃየ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርተየኺ ኣምጽኢ። ጐይታና የሱስ ኣብ ወንጌላት ነታ እንኮ ናይ ሰማይ ትምህርቲ ምሂሩ። ነቶም 12 ከኣ ነዛ እንኮ ምህሮ እዚኣ ``መሃሩዋ፡ በዛ እንኮ ምህሮውን ደቀ መዛሙርተይ ግበሩ ኢሉ`` ኣዚዝዎምን ስልጣን ሂብዎምን። ወሲኹውን ንጳውሎስ ኣተንሲኡ እታ ትምህርቲ ኣብ ኵሉ ዓለም ተዘርጊሓ። ብመን ተዘርጊሓ፧ ሕርያ ኣምላኽ፡ ጳውዒት ኣምላኽ ብዘለዎም፣ ብስልጣን ኣምላኽ ብእተሸሙን እተላእኩን ሰባት! ሽዑ ከምኡ ነይሩ፡ ሕጅውን ልክዕ ከምኡ!

- ጳውሎስ ኣብ ጽሑፋቱ ከም ዝብሎ፡ እቲ ንዘመናት ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር ኣምላኽን ኣሰራርሓኡን ብትኽክል ካብ እተገልጸሎም ሰባት ሓደ እዩ። እሞ ጳውሎስሲ፡ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ጳውዒትን ውህበትን ንዘይብሎም ሰባት፡ ግናኸ ካብቲ ሰብ ጳውሎስ ጥራይ፡ ``distinct level of authority`` ተቐቢሎም act ዝገብሩ ሰባት ኣብተን ናይ ኣምላኽ ኤክለሲያታት ይምድብ ነይሩ ድዩ፧ በየናይ መዕቀኒ፧ ከምኡ ዝብል ቃል ኣምላኽ ኣበይ ኣሎ፧

- ጐይታና የሱስ እኮ ነታ እንኮ ናይ ሰማይ ምህሮ (ዮሃ7፡16-17) ድሮ ምሂሩዋ እዩ። ነታ እንኮ ምህሮ እናመሃረ ግና፡ ነዛ እንኮ ምህሮ ከም ፍሉይ ገንዘብ ሕድሪ ዝቐበሉን ዝምህሩን፡ ኣብ ጥንቲ ዘለኣለም ኣቦ ዝመደቦም 12 ተባዕትዮ ሓርዩ፡ ሽይሙ፡ ኣምላኻዊ ስልጣን ሂቡ ድማ ልኢኹዎም! ጳውሎስ እውን ልክዕ ከምኡ! ልክዕ ነዚ ናይ ጐይታኡ ቅዲ ተኸቲሉ፡ ነቶም ኣምላኽ ዝሓረዮም ዝጸወዖም ዝሸሞምን ዓየይቲ የሰልጥንን ይልእኽን ነይሩ። እታ መልእኽቲ፡ እታ ትምህርቲ ግና፡ ሓንቲ እያ! እታ ምህሮ ካብ ምንጪን መበቆላን ካብ ኣቦን ናይ ኣቦን እያ (የሃ7፡16) ፣ ጐይታና የሱስ ከኣ ትምህርተይ ኢሉዋ (ዮሃ7፡16-17) ። እዛ እንኮ ትምህርቲ ጐይታና፡ እታ እንኮ ትምህርቲ ሃዋርያት ኲይና (ግብ2፡42 ፣ 5፡26-27) ። እዛ እንኮ ትምህርቲ ጐይታና፡ እታ እንኮ ትምህርቲ ጳውሎስ ኲይና (2ጢሞ3፡10) ፣ ጢሞቴዎስን ብዙሓት ካልኦትን ነዛ እንኮ ትምርቲ እዚኣ ኣጸቢቆም ስለ ዝሰዓቡዋ ድማ (2ጢሞ3፡10)፡ ንሳ እታ እንኮ ትምህርቶም ኲይና (1ጢሞ4፡16) ። እሞ እዛ እንኮ ትምርቲ ድሮ እንከላ እዮም እኮ ሰባት ይጽውዑ፡ ንዕዮ ይሸየሙን ይለኣኹን ነይሮም። ነታ ትምህርቲ ክምህሩ፡ በታ ትምህርቲ ደቂ መዛሙርቲ ክገብሩ (ማቴ28፡20 & ግብ2፡42)፣ ነዛ ትምህርቲ ከስፍሑ፡ ክዝርግሑ (ግብ5፡26-27)፣ ነዛ ትምህርቲ ክጣበቑ (1ጢሞ1፡3-6 & 6፡3) በዛ እንኮ ትምህርቲ ንሓሶትን ንተዛረብቲ ሃተውቶው ኵሎም ኣፎም ክዓብሱ (ቲቶስ 1፡11 & 2፡1-2, 15፣ 2ጢሞ3፡16-4፡8)፡ ዓየይቲ ይሸየሙን ይለኣኹን ነይሮም ሕጅውን ልክዕ ከምኡ!

- ካብ መሰረቱ፡ እንተዳኣ ጢዎቴዎስን ፡ከም ጢሞቴዎስ ዝኣመሰሉ ብዙሓትን (ኣብነት ቲቶስ፡ ኣርጢማስ፡ ጥኪቆስ፡ ክሬስኬስ፡ ኤርስጦስ፡ ኤጳፍራስ ወዘተ.)፡ ብጳውሎስ ተመዲቦም፡ just on behalf of Paul ጥራይ Act ዝገብሩ mere actors ኲይኖም፡ እሞ ንምንታይ ደኣ ጳውሎስ (ኣብነት ንጢሞቴዎስ)፡ ከም ዝሰዕብ ዝብሎ፧

- ``ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፡ ከምቲ ቐደም እተባህለካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ኽትዋጋእ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ኤማዕቀብካ ኣሎኹ። ገሊኦም ነቲ ሰናይ ሕሊናኦም ደርብዮምሲ፡ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ።``

- ``ነቲ ብትንቢት ብምንባር ኢድ ሽማግሌታትን እተዋህበካ፡ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ጸጋ ዕሽሽ ኣይትበሎ።``

- ``በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር፡ መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን እሞ፡ ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ``

- እሞ እዚ ሓቅታት እዚ እንታይ ማለት ድዩ፧ እዚ ሓቅታት ቅዱስ ጽሑፋት እዚ፡ ጢሞቴዎስ ካብ ጳውሎስ ዘይኩነስ፡ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ጳውዒትን ውህበትን ከም ዘለዎ እዩ ብንጹር ዘርእየና። ናይ ጳውሎስ ተራን ግደን ንኸም በዓል ጢሞቴዎስ ደኣ እንታይ እዩ፧ እው፡ ብዙሕ! ንጢሞቴዎስ ነቲ ኣምላኽ ዝጸወየ ጳውዒት ዝበቕዕ ህይወት፡ ኣገልግሎት፡ ትብዓት ወዘተ. ንኽእህልዎ፡ ኣብታ እንኮ ትምህርቲ ሓቂ ጥራይ ክጸንዕ ንኣኣ ድማ ዘመኑ ኵሉ ክውፊ ክሰውእ፣ ጳውሎስ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ኣሰልጢንዎ፡ ኣዕጢቕዎ፡ ኣፋጢንዎ! ካብ ፈለማ፡ ካብ ግብሪ ሃዋርያት16፡ ጳውሎስ ንጢሞቴስ ምስኡ ክወስዶ ዝሓረዮ ምኽንያት፣ መንፈሳዊ ወዱ ስለ ዝኾነ ኣይኩነን። ብዛዕባ መንፈሳዊ ደቂ`ሞ፡ እቶም ኣብተን ኣብኡ ተጠቒሰን ዘለዋ ከተማታት ዝነበሩ ቅዱሳን ኩሎም ፡ መንፈሳዊ ደቁ እዮም ንጳውሎስ።

  - ``ናብ ደርቤን ናብ ልስጥራን ድማ መጸ። እንሆ ኸኣ፡ ጢሞቴዎስ ዚብሃል ወደ መዝሙር፡ ወዲ ሓንቲ ኣማኒት ኣይሁዳዊት ሰበይቲ ኣቦኡ ግና ጽርኣዊ፡ ኣብኡ ነበረ። ንእኡ እቶም ኣብ ልስጥራን ኣብ ኢቆንዮምን ዘለዉ ኣሕዋት ጽቡቕ መስኪሮምሉ ነበሩ። ሽዑ ጳውሎስ ምስኡ ኺወስዶ ፈተወ``

  -

- ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ምስኡ ናብቲ ሃዋርያዊ ጋንታ ዝጸምበሮ ምስኡውን ዝወሰዶ ንጹር ምኽንያት፡ ጳውዒት ጢሞቴዎስን ምስክርነት ህይወቱን ኣርጊጹ ስለ ዝፈለጠ እዩ። (ጳውዒት ጢሞቴዎስ ድማ ብመደብ ኣምላኽን ካብ ኣምላኽን ጥራይ እዩ! 1ጢሞ1፡18 & 4፡14 ፣2ጢሞ1፡6-8)

- እዚ ድሕሪ ምባል፥ እሞ፡ ዋላኳ ከምቲ እቶም ሰለስተ ሃዋርያ እቲ ገንሸል (ሰማቶም ደሓር ክጠቕሶ እየ)፡ ከምቲ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ጳውሎስ፡ እቲ ናይ እብራውያን ጽሓፊ፡ ያቆብ ሃዋርያ እቲ ሓው ጐይታን ይሁዳን ሓዉን፣ ነቲ 27 መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን ዝጸሓፉ፣ ሎሚውን ኣብ ዘመንና፡ ምስቲ ሓድሽ ኪዳን ዝመዓራረ መጻሕፍቲ ዝጽሕፉ ሰባት፡ ኣምላኽ ይጽውዕ እዩ እንተዘይበልና፡ ፈጽምናውን ኣይንብልን ከምኡ (እዚ ከኣ እቲ ሓድሽ ኪዳን ድሮ ተጻሒፉ ተዛዚሙ ስለ ዝኾነ!) ፡ ካብቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን መጻሕፍቲ ሓንቲ እኳ ዘይጸሓፉ ክነሶም፡ ግናኸ ከምቲ ናይ ጥንቲ መደቡ ብኣምላኽ እተሓርዩ፡ እተጸውዑ፡ ነቲ ጳውዒቶም ብቑዓት ዝገብረም ውህበት እውን ካብ ኣምላኽ እተቐበሉ፡ ብኣምላኽ ስልጣንን መዝነትን ተዋሂቡም እተሸሙ፡ ነቲ ቃል ሓቂ ብትኽክል ዝመቅሉ (2ጢሞ2፡15)፡ ካብታ ደሓር ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረት፥ ቅድም እንኮ ምህሮ ጐይታ እተባህለት፣ ቀጺላ ምህሮ ሃዋርያት እቲ ገንሸል፣ ቀጺላ ምህሮ ጳውሎስን መዓይይቱ ኵሎምን ዝኾነት እንኮ ምህሮ፣ ንየማን ንጸጋም ከይበሉ (እቲ ግሉጽ ፍቓድ ኣምላኽ፡ እቲ ናይ ሰማይ መልእኽቲ፡ ንሱ ጥራይን ፈጺሙ ዘይልወጥን ስለ ዝኾነ!)፡ በቲ ብኣምላኽ እተዋህቦም ኵሉ ስልጣን ነዛ እንኮ ምህሮ ዝምህሩ፡ ዝገንሑ፡ ዝቀጽዑ፡ ዘቕንዑ፣ ድሒሪ ምዝዛም እቲ ካኖን ፈጺሞም የለዉን ዝበለ ሰብ መንዩ፧ ኣምላኽ ወይስ ሰብ፧ ቃል ኣምላኽ ወይስ ምህሮ ሰብ፧

  - እንተዳኣ፡ ``ኣምላኽ ከምኡ ኢሉ፡ ቃል ኣምላኽ ከምኡ ይብል እዩ`` ኢልኪ ግና፡ ካብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ጽሑፍ ኣምጽእለይ፡ መልሰኺ ክጽበ እየ። እታ እንኮ ምህሮ ሰማይ ኣብ ወረቀት ተጻሒፋ ስለ ዝሰፈረትስ፡ መልእኽተኛታት ኣየድልዩን እዮም ዝበለ መን እዩ፧ እቲ ከምኡ ዝበል ኣምላኽ ድዩ ወይስ ሰብ፧ ንኽናኽ ንኣምላኽ፡ ንምህሮ ኣምላኽ ዲና ንስዕብ ወይስ ንሰብ፡ ንምህሮ ሰብ፧

- ኣምላኽ ንከም በዓል ጢሞቴዎስ ፡ ቲቶስ ወዘተ. ዝብሉ next, next, next and next… generation ዓየይትን፡ እቲ ዝነበሮም ጸፍሒ ጻውዒትን መለኮታዊ ዕዮ(ኣሳይንመንትን)፡ ንምህናጽ ኤክለሲያታቱ ምጽዋዕን ውህበታት ምሃብን፡ ብምዝዛም እቲ ምጽሓፍ ሓድሽ ኪዳን ተኪእዎ፡ ዓጽዩዎን ደው ኣቢልዎን እዩ ዝበለ መን እዩ፧ እቶም ከምዚ ዝብሉ ንዶክትሪን ሰሰሺኒስት ዝኽተሉ መማህራንን ሰዓብቶምን ጥራይ እዮም! ሓድሽ ኪዳናዊ መርተያ ፈጺሙ ዘይብሉ፡ ንጹር ማይ ብሑቕ ሰሰሺኒስት ዘለዎ ልጥፎ (post) ኢኺ ኣብዚ ጠቂዒኪ ዘለኺ።

- ጳውሎስ ሰሰሺንስታዊ illusion ዝነበሮ ሰብኣይ ኣይኮነን! ኣብቶም ሃዋርያት ሓድሽ ኪዳን ኰነ፡ ኵሎም ጸሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ሰሰሺኒስታዊ ማይ ብሑቕ ፈጺሙ ኣይነበረን።

- ገና በዓል ጳውሎስ ብህይወት ከለዉ፡ ናይ በዓል ጢሞቴዎስ፡ ቲቶስ፡ ጻውዒትን ዕዮን እንታይ ድዩ ነይሩ፡ ኣብቲ ቃል ኣምላኽ ኣዝዩ ንጹር እዩ!

  - ``እዚ ብኹሉ ስልጣን ንገርን ምዓድን ግናሕን። ሓደ እኳ ኣይንዓቕካ።`` (ቲቶስ 2፡15)

- እቲ ኣብዚ፡- ``እዚ`` (these things)'' ዝብል ቃል ወይ ሓረግ እንታይ ማለት እዩ፡ ወይ እንታይ ድዩ ዘመልክት፧ '' Speak these things, exhort, and rebuke with all authority. Let no one despise you. ``/

  - እወ፡ እዚ ኣብዚ ``እዚ (these things)'' ዝብል ዘሎ ቃል ወይ ሓረግ፡ ነቲ ጽሑፋት ጳውሎስ እዩ ዘመልክት! ቲቶስ ንጳውሎስ ብመንፈስ ወዱ፡ ናይ ብዙሕ ዓመታት መዓይይቱ እዩ። ንትምርቲ ጳውሎስ ኣጸቢቁ ይፈልጦ እዩ። ብተወሳኺ ከኣ ኣብዚ ደጊሙ ኣብዚ ይጽሕፈሉ ኣሎ። እሞ፡ ጳውሎስ እንታይ ይብሎ ኣሎ፧ እወ፡ ነዚ ነገራት እዚ ብኹሉ ስልጣን ንገር፡ ምዓድን ገስጽን ይብሎ ኣሎ! `` Speak these things, exhort, and rebuke with all authority. `` ካበይ ዝመጸ ስልጣን፧ ብደጋዊ መገዲ ካብ ጳውሎስ ዝምንጩ ስልጣን፧ ኖ, ሓሶት! ሓድሽ ኪዳን ዓለማዊ ዝኾነ ደኣ ካብ መኣስ እዩ፧ ኣብ ሕብረተ ሰብ ዓለም፡ ብደብዳቤን ካልእን እተሰነየ ደጋዊ ናይ ውክልና ስልጣን እዩ ዝዓዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ግና ፈጺሙ ከምኡ ኣይኮነን! ሓድሽ ኪዳን ፍሉይ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ካብ ውሽጢ ናብ ደገ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን፣ ሰብ ካብ ፈለማ፥ መደብ ኣምላኽ፡ ሕርየት ኣምላኽ፡ ጻውዒት ኣምላኽ፡ ነቲ ጻውዒቱ ብቑዕ ዝገብር ውህበት ኣምላኽ፡ ኣብ ውሽጡ ድማ ብቀጻሊ ዝዓዩ መንፈስ ኣምላኽ እንተ ዘየለ፡ በቲ ኣምላኻዊ ስልጣን ተጠቒሙ፡ ኣምላኻዊ ዕዮ ምዕያይ ፈጺሙ ኣይክእል እዩ። Paul is all for God's authority for God's way! እቲ ጳውሎስ ኣብዚ ጥቕሲ ዝዛረበሉ ዘሎ ስልጣን፡ ብደጋዊ ደብዳቤታት ዝመጽእን ዝዓይን ስልጣን ኣይኮነን! እቲ ዘይልወጥ ቅዱስ ጽሑፍ ኣብ ኢድና ኣለና! (1ጢሞ1፡ 18 ፣ 4፡14 ፣ 2ጢሞ፡4፡1-4)

  - እዚ ምስቲ ጐይታና ነቶም 12 ሃዋርያት ዝገበሮ ሓደ ዓይነት እዩ። ጐይታና ቅድም፡ ነታ እንኮ ምህሮ ብምልኣት ምሂሩዋ፣ ቀጺሉ ነቶም ኣቦ ዝሓረዮምን ዝዝጸወዖምን 12 ተባዕትዮ ፡ ሃዋርያት ገይሮ ሸይምዎም፣ በቲ ብኣምላኽ እተዋህቦም ኵሉ ስልጣን፡ ነዛ እንኮ ምህሮ ንኽምህሩዋን ደቂ መዛሙርቱ ክገብሩን ድማ ልኢኽዎምን ኣዚዙዎምን። ልክዕ ከም ድማ፡ ጳውሎስ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኰይኑ ማለት እዩ (''ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘለኹ'' ዝበለ ብኹሉ ንክርስቶስ ዝመሰለ ጀግና!) ፡ ነዛ እንኮ ምህሮ ጐይታ ብምልኣት ይምህራ ነይሩ፣ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ዝመደቦምን ዝጸወዖምን ተባዕትዮ ብምሻም ድማ፡ ይልእኮም፡ ነታ ምህሮ ብጽሑፋት ብምልኣኽ እውን፡ ብኹሉ ስልጣን መሃሩዋ ይብሎም ነይሩ። ምስቲ ናይ ጐይታና ልክዕ ሓደ ዓይነት!

- ሎሚውን ኣምላኽ ኣሰራርሓኡ ኣይለወጠን! ከምቲ ናይ ጥንቲ መደቡ ዝኾኑ ሰባት፡ ናብ መርሕነት እናጸወዐ ምሻም ኣምላኽ ኣየቋረጸን። ከምቲ ቀደም፡ ሎምውን መንፈስ ቅዱስ፡ ጻውዒት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ በቲ ሃዋርያዊ ደረጃን ካልእ ጸፍሒ ጻውዒትን ተባዕትዮ ሰባት ንዕዮ ይሸይምን ይፈልን እዩ (ኤፌ4፡11) ። እቶም ኣምላኽ ሕጂ ዝሸሞም ሃዋርያት ኰነ ካልኦት ዓየይቲ ግና፡ ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን ይጽሕፉልና ማለት ኣይኮነን። ኣብ ላዕሊ ከም ዝጠቐስኩዎ፡ ከም በዓል በርናባስ፡ ኣጲሎስ፡ ሲላስ፡ ጢሞቴዎስ፡ ቲቶስ ወዘተ. ዝበሉ ሰባት ሃዋርያት እዮም፣ ግናኸ መጻሕፍቲ

ሓድሽ ኪዳን ኣይጸሓፉን። እቲ ዕዮ (ኣሳይመንት) ምጽሓፍ መጻሕፍቲ፡ ንዐኦም ስለ ዘይተዋህበ እዩ! ሰብ ከከምቲ ብ ኣምላኽ እተመደበሉ እተሰርዓሉን እተዋህቦን እዩ ዝዓዩ! እቶም 12 ሃዋርያት እቲ ገንሸል እንተኹኑ፡ መኣስ ኩሎም መጽሓፍ ጽሒፎም!? ዘይ ሰለስተ ሰባት ጥራይ መጻሕፍቲ ጽሒፎም (ማቴዎስ፣ የሃንስን ጴጥሮስን ጥራይ!) ። እቶም ትሽዓተ ሃዋርያት እቲ ገንሸል ግና መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን ኣይጸሓፉን።

- እሞ ነዞም ትሽዓተ ሃዋርያት እቲ ገንሸል እውን፡ ``ምሉኣት ሃዋርያት ኣይነበሩን፣ ሃዋርያዊ ጻውዒት ኣይነበሮምን`` በልና! ``Just on behalf of the three apostles (ኣብ ክንዲ እቶም መጽሓፍ ዝጸሓፉ፡ Matthew, Pteter & John), `as apostles with distinct level of authority` ጥራይ act ይገብሩ ነይሮም`` በልና!

- ሃዋርያት ኩነ እቶም ካልኦት ዓየይቲ፡ ብኣምላኽ ተሸይሞምን ተላኢኾምን በቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ስልጣንን ጸጋን ሰማያዊ ጻውዒቶም ምፍጻም፣ ምስ ምጽሓፍ መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ጥራይ ዘተኣሳሰሮ መን እዩ፧ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ከምኡ ኢሉ ድዩ፧ ፈጺሙ! ኣይበለን!

- ካልእ፥ ሎሚ ኣብተን ኣብ ከከተማኡ ዘለዋ ኤክለሲያታት ኣምላኽ፡ ብቅዓቶም ኩሉ እተመርሚሩ ተባዕትዮ ንኢስቆጶስነት ብስልጣን መንፈስ ቅዱስ ይሸየሙ እዮም። ዕዮኦም፡ ጻውዒቶምን ሓላፍነቶምን ድማ፡ ነቶም ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ዝመልሱ፡ ኣእዛኖም ዘሰሓዩም፡ ኣብ ዙርያኦም እውን ብዙሓት መማህራን ሓሶት ዝእክቡ ህዝቢ፡ ነቲ ቃል ሓቂ ብትኽክል ብምምቃል (2ጢሞ2፥15)፣ በቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ኩሉ ስልጣን፦ ነቲ ምሉእ ትንፋስ ኣምላኽ ይምህሩ (2ጢሞ3፥16-17)፡ በቲ ምሉእ ትንፈስ ኣምላኽ ይግስጹ፡ ይቀጽዑ፡ ይገንሑ፡ የቕንዑን ይሕልዉን (2ጢሞ3፥16-17፣ 2ጢሞ4፥1-4) ኣብ ዘረባ ሃተውተው ንእተፈነዉ ኩሎም ድማ ኣፎም ይዓብሱ (ቲቶስ1፥5-11) እዮም።

  - ``እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፥ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።``

  - ``ኣእዛኖም ኣስሒይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ኪእክቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኺመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ብዅሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቓል ክትሰብኽ፡ ብጊዜኡን ብዘይጊዜኡን ከተስምዕ፡ ክትገንሕ፡ ክትቀጽዕ፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጽ መንግስቱን ኤግሕጽንካ ኣሎኹ።``

  - ``ንሱ በቲ ጥዑይ ትምህርቲ ምእንቲ ኺምዕድ፡ ነቶም ተቓናቐንቲውን ምግናሖም ምእንቲ ኺከኣሎስ፡ በቲ እሙን ቃል ምህሮ ይጽናዕ። ``

3. ናብታ ሳልሰይት ነጥብኺ ከምጽእ።
   ``You very well know that Jesus has reversed the hierarchy of authority as earned rather than claimed. Mar 10: 42-45``

Wawww… I am really surprized on the claim you are making on your 3rd point. I can clearly see your great weakness in handling the holy Scripture. Since when did the Lord Jesus reversed the hierarchy of authority as earned rather than God given? Does Mark10:42-45 really support your claim, no, never at all!

እዚ ኣብዚ ካብ ማርቆስ ጠቒስክዮ ዘለኺ፡ እቲ ኣብ ማቴዎስ 20፥20-28 ዘሎ እዩ። እዚ ምስቲ ካብ ማርቆስ ዝጠቀቕስክዮ ሓደ ዓይነት እዩ፡ ኣብዚ ጸገም የለን። ክልቲኡ ብዛዕባ እቶም 12 ሃዋርያትን ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ክርክርን እዩ ዝዛረብ።

ማርቆስ ነቲ ኣተሓራርያ እቶም 12 ስለ ዘይገለጾ ግና፡ ንመጕተይ በዚ ናይ ማቴዎስ ከቕርበልኪ እየ። እዞም 12 መኣስ እዮም ንሃዋርያነት ተሓርዮም፣ መልሲ ኣብ ማቴዎስ ምዕራፍ 10 ። እሞ፡ እዞም 12 ሰባትሲ፡ ድሮ ካብ ኣምላኽ እተዋህቦም ስልጣን (already God given Authority) ኣይነበሮምን ድዩ፣ ነይሩዎምን ፈረቓን እምበር!

`` ንዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ፡ ንርኹሳት መናፍስቲ ኺውጽእዎምን ንብዘሎ ሕማምን ድናስን ኪሕውዩን ስልጣን ሀቦም። ስማት እቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት እዚ እዩ፡ ቀዳማይ እቲ ጴጥሮስ ተብሂሉ ዘሎ ስምኦን፡ እንድርያስ ከኣ ሓዉ። ያእቆብ ወዲ ዘብዴዎስ፡ ዮሃንስ ከኣ ሓዉ። ፊልጶስን በርተሎሜዎስን ቶማስን ማቴዎስ እቲ ተጋውን። ያእቀብ ወዲ እልፍዮስን እቲ ታዴዎስ ተብሂሉ ዘሎ ልብድዮስን፡ ስምኦን ብዓል ቃናን እቲ ዘትሐዞ ይሁዳ ኣስቆሮታውን። የሱስ ነዞም ዓሰርተው ክልተ ለኣኾም፡ ከምዚ ኢሉውን ኣዘዞም፡ ናብተን ጥፉኣት ኣባጊዕ ቤት እስራኤል ደኣ ኺዱ እምበር፡ ብመገዲ ኣህዛብ ኣይትኺዱ፡ ናብ ከተማ ሳምራውያን ድማ ኣይትእተዉ።`` (ማቴ10፡1-6)

ካብዛ ጊዜ እዚኣ ጀሚሮም እዞም 12 ሰባት፡ ካብቶም ብዙሓት ካልኦት ደቀ መዛሙርቲ ጐይታ እተፈልዩ እዮም። ካብ ጐይታ እተቀበልዎ ፍሉይ መዝነት፡ ስልጣንን ሓላፍነትን ስለ ዘለዎም።

እሞ እዚ ሃዋርያዊ ስልጣን እዚ፡ እቶም 12 ሰባት earn (**ትርጉም** earn => **ዋጋ ጻዕሩ ረኺቡ፡ ተቐበለ**) ዝገበርዎ ነገር ድዩ ወይስ ከምቲ ናይቲ ጥንቲ ልዑላዊ መደብ ኣምላኽን ኣሰራርሓኡን ዝኾነ ውህበት ኣምላኽ እዩ፣ ውህበት ኣምላኽ እምበር!

ኣምላኽ ንኤርምያስ፡ ገና ኣብ ማህጸን ከይተሃንጸ ከሎ፡ ፈሊጥዎ፡ ካብ ማህጸን ከይወጸ ቀዲስዎ፡ ነህዛብ ነብዩ ክኸውን እውን መዲብዎ! እሞ፡ ኤርምያስ ነዚ ከምዚ ዓይነት ሕርየትን መደብ ኣምላኽን earn **ዝገበሮ (ዋጋ ጻዕሩ ዝረኸቦን እተቐበሎን)** ነገር ፈጺሙ ኣይኰነን።

``ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ እሞ፡ ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሀነጽኩኻ ፈለጥኩኻ፡ ካብ ማሕጸን ከይወጻእካ ኸኣ ቀደስኩኻ፡ ነህዛብ ነብዩ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ፡ በለ። ኣነ ድማ፡ ኣይ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ገና ቈልዓ እየ እሞ፡ እንሆ፡ ክዛረብ ኣይክእልን እየ፡ በልኩ።`` (ኤርምያስ1)

ጐይታና የሱስ ነቶም 12 ተባዕትዮ ቅድሚ ምሕራዩ፡ ለይቲ ብምልእታ እዩ ክጽሊ ሓዲሩ። ውህበትን ስልጣን ሃዋርያነትን earn ዝግበር (**ዋጋ ጻዕርኻ እትወሃቦን እትቕበሎን**) ነገር እንተ ዝኸውን፡ ንምንታይ ደኣ ንጐይታና ምሉእ ለይቲ ምጽላይ ኣድልዩዎ፣ ነቲ ፍጹም ፍቓድ ኣቦኡ ንኽፈልጥ እዩ ምሉእ ለይቲ ጸልዩ። ነቶም በቲ ልዑላውነት ኣምላኽ ነዚ ስልጣን እዚ ዝሸየሙ ሰባት ብትኽክል ምእንቲ ክፈልጥ ጐይታና ምሉእ ለይቲ ጸልዩ።

‘’ ኰነ ድማ፡ በቲ ወርሓት እቲ ኪጽሊ ናብ ከረን ደየበ፡ ለይቲ ብምልእታ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነቒሑ ሓደረ። ምድሪ ምስ ወግሔ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ጸውዖም፡ ካባታቶም ሃዋርያት ኢሉ ዝሰመዮም ዓሰርተው ክልተ ሐረየ፡ ስምኦን፡ ጴጥሮስ ኢሉ ዝሰመዮ፡ እንድርያስ ድማ ሓዉን ያእቆብን ዮሃንስን ፊልጶስን በርተሎሜዎስን፡ ማቴዎስን ቶማስን ያእቆብ ወዲ እልፍዮስን እቲ ቀናእ እተበሀለ ስምኦንን፡ ይሁዳ ወዲ ያእቆብን እቲ ዘትሐዞ ይሁዳ ኣስቆሮታውን።’’ (ሉቃስ6፡12-16)

ሃዋርያነት ሸመት እዩ። እዚ ሸመት እዚ ከኣ ከምቲ ናይ ጥንቲ ፍልጠቱን መደቡን ዝኾነ ውህበት ኣምላኽ ደኣ እምበር earn እትገብሮ (**ዋጋ ጻዕርኻ እትወሃቦን እትቕበሎን**) ነገር ፈጺሙ ኣይኰነን።

``ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ብዛዕባ እቲ ነቶም ንየሱስ ዝሐዝዎ መራሒ መገዲ ዝኾኖም ይሁዳ፡ መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ዳዊት ቀደም ዝበላ ጽሕፈት ክትፍጸም ይግባእ እዩ። **ምሳና ተቘጺሩ ነበረ** እሞ፡ **ነዚ ኣገልግሎት እዚ ኸኣ ተዐዲሉ ነበረ።** እዚ በቲ ዓስቢ ዓመጻኡ ግራት ኣጥረየ፡ ብኣፍ ርሕሙ ተደፊኡ ኸኣ ኣብ ክልተ ተጨደ፡ ብዘሎ ኣምዑቱ ድማ ወጸ እሞ፡ ገዛኡ ይዕኑ፡ ኣብኡ ዚነብር ከኣ ኣይረኸብ፡ **ሸመቱውን ካልእ ይውሰዳ፡** ዚብል ኣብ መጽሓፍ መዝሙር ጽሑፍ እዩ እሞ፡ እዚ፡ እታ ግራት እቲኣ ብዘረባኦም ኣከልደማ፡ ማለት ግራት ደም፡ ክሳዕ እትብሀል፡ ኣብ የሩሳሌም ንዚነብሩ ኹላቶም ተፈልጠ።``
(ግብ1፡16-20)

ናይ ጳውሎስ ሃዋርያዊ ጻዊዕትን ሽመትን፡ ከምቲ ናይ ጥንቲ መደብ ኣምላኽን ኣሰራርሓኡን ዝኾነ ልዑላዊ ሕርየት ኣምላኽ ደኣ እምበር፡ ጳውሎስ earn ዝገበሮ (ፍረ ጻዕሩ ዝረኸቦን እተቐበሎን) ፈጺሙ ኣይኩነን። እቲ ቃል ሓቂ ይመስክር!

``ጳውሎስ ባርያ የሱስ ክርስቶስ፡ ሃዋርያ ኪኸውን እተጸውዔ፡ ንወንጌል ኣምላኽ እተፈልየ፡`` (ሮሜ1፡1)
``እቲ ኻብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ ዝፈለየኒ ብጸጋኡውን ዝጸውዓኒ ኣምላኽ ግና`` (ገላ1፡15)

ናብ ማቴዎስ 20፡20-28 ንመለስ። እቲ ኑቶም 12 ሃዋርያት ኣብዚ ዘከራኽሮም ነገር እንታይ እዩ ነይሩ፧ ማዕረ ዝኾነ ናይ ሃዋርያነት ሽመትን ስልጣንን ኣምላኽ ሂብዎም ክነሱ፡ ግናኸ ኣብታ መንግስቲ ጐይታ፡ ካልእ ፍልይን ልዕልን ዝበለ ስፍራ ስለ ዝደለዩ እዩ። እንታይ ይብል ከም ዘሎ እቲ ቅዱስ ቃል ባዕሉ ይዛረብ ንሕደግ! ነቲ ቃል ሓቂ ናትኪ ትርጉም ኣብ ኣፉ ከተቐምጥሉ ፈጺሙ ኣይተገባኣክን!

``20 ሽዑ ኣደ ደቂ ዘብዴዎስ ምስ ደቃ መጸት፡ ተደፊኣ ድማ ካብኡ ገለ ለመነት። 21 ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ትደልዪ፧ በላ። ንሳ፡ እዞም ክልተ ደቀይ ኣብታ መንግስትኻ ሓደ ብየማንካ፡ ሓደ ብጸጋምካ ኪቕመጡ፡ በል፡ በለቶ። 22 የሱስ ግና መሊሱ፡ እትልምንዎ ኣይትፈልጡን። እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋዕ ክትሰትዩኽ ትኽእሉዶ፧ በለ። ንሳቶም ንኽእል፡ በልዎ። 23 ንሱ ኸኣ፡ ጽዋኤይሲ ኽትሰትዩ ኢኹም፡ ኣብ የማነ ጸጋመይ ምቕማጥ ግና ነቶም ኣቦይ ዘዳለወሎም እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝህቦ፡ በሎም። 24 እቶም ዓሰርተ እዚ ሰሚያም፡ ብቶም ክልተ ኣሕዋት ተናደዱ። ``

እዚ ናይ ደቂ ዘብዴዎስ ሕቶ ንመጻኢ እዩ ዘመልክት። ተመልከቲ፡ ``እዞም ክልተ ደቀይ ኣብታ መንግስትኻ ሓደ ብየማንካ፡ ሓደ ብጸጋምካ ኪቕመጡ፡ በል፡ በለቶ። `` እዩ ዝብል ዘሎ።

እሞ ናይ ጐይታ መልሲኸ እንታይ ነይሩ፧  ``ጽዋኤይሲ ኽትሰትዩ ኢኹም፡ ኣብ የማነ ጸጋመይ ምቕማጥ ግና ነቶም ኣቦይ ዘዳለወሎም እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝህቦ፡ በሎም።``

እወ፡``ኣብ የማነይ ወይስ ኣብ ጸጋማይ ምቕማጥ፡ ኣቦይ ከም ዘዳለዎ ጥራይ እዩ`` ኢሉ ጐይታ የሱስ ብግልጺ ይዛረብ ኣሎ! እዚ ቃል ንመጻኢ ከም ዘመልክት ግና፡ ሉቃውን እውን ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ።

``24 መናም ዓብዩ መሲሉ ኽም ዚርኤ ኸኣ፡ ኣብ ማእከሎም ክርክር ኰነ። 25 ሽዑ ንሱ በሎም፥ ነህዛብ ነገስታቶም እዮም ዚገዝእዎም፡ እቶም ምልኪ ዘለዎም ከኣ ሕያዎት ይብሃሉ። 26 ንስኻትኩም ግና ከምኡ ኣይትኹኑ፥ እቲ ኣባኻትኩም ዓብይስ ከም ንእሽቶ፡ እቲ ጐይታውን ከም ግዙእ ደኣ ይኹን። 27 እቲ ኣብ መኣዲ ዚቕመጥን እቲ ዜግልገልንከ ኣየናዮም ይዓቢ፧ እቲ ኣብ መኣዲ ዚቕመጥ ደይኮነን፧ ኣነ ግና ኣብ ማእከልኩም ከም ኣገልጋሊ እየ። 28 ንስኻትኩም ግና ብፈተና ምሳይ እተዓገስኩም ኢኹም። 29-30 ኣብታ መንግስተይ ኣብ መኣደይ ምእንቲ ኽትበልዑን ክትሰትዩን፡ ኣብ ዝፋናት ተቐሚጥኩም ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ክትፈርዱንሲ፡ ከምቲ ንኣይ ኣቦይ ዝመደበለይ፡ ንኣኻትኩም ከኣ ኣነ መንግስቲ መደብኩልኩም።``

``ኣብታ መንግስተይ ኣብ መኣደይ ምእንቲ ኽትበልዑን ክትሰትዩን፡ ኣብ ዝፋናት ተቐሚጥኩም ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ክትፈርዱንሲ፡ ከምቲ ንኣይ ኣቦይ ዝመደበለይ፡ ንኣኻትኩም ከኣ ኣነ መንግስቲ መደብኩልኩም።``

እዚ ሓቂ እዚ ኣብ ማቴዎ19፡28-29 ብንጹር ተቐሚጡ ኣሎ። ማዕረን ሓደ ዓይነትን ዝኾና 12 ዝፋናት (ዝፋን=> ስልጣን፡ መዝነት፡ ሽመት፡ ሓላፍነት ወዘተ. የመልክት!) ተዳልየናሎም ክነሶም፡ ግናኸ ሰብ ክፉእን ብናይ ዓለም መንፈስ ዝምራሕን ኣዝዩ ዝጽሎን ስለ ዝኾኑ፡ ደቂ ዘብዴዎስ፡ ነዲኦም ከም ኣማላዲት ኣወጢሖም ናብ የሱስ ኣምሪሖም። ጐይታ ድማ፡ ``የለን! ከምኡ ዝባሃል ነገር የለን! ኣውራነት ዝባሃል ነገር የለን! ንሱ ኣብ ዓለም እዩ ዘሎ! ኣብ መንግስተይ ግና ከምኡ ዝባሃል ነገር የለን! የለን! እንተሎ ድማ ብኣቦይ ንተዋህቦምን እተመደበሎምን ጥራይ ደኣ እምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝህብ ኢሉ ዓጽዩዎም!)

ግናኸ ሓንቲ ዓባይ ምስጢር መንግስተ ሰማይ ከኣ ገሊጽሎም። ``ኣብዚ ህይወት እዚ፡ ኣነ እየ ኣውራ! ኣነ`ባ ኣውራ! ብዝብል መንፈስ ምስ እትከራኸሩ፣ ንሓድሕድኩም ክትበላዑን ክትጣፍኡን ኢኹም። ስለዚ ካባይ ዓብዩ መርሖ ተመሃሩ! ኣነ ከገልግልን ህይወተይ በኛ ብዙሓት ክህብን እምበር ክግልገል ኣይመጻእኩን! ንስኻትኩም ድማ ልክዕ ከምኡ ኩኑ፡ ነዛ ፍልይቲ ናይ ሰማይ መርሖ ተኸቲልኩም፡ በቲ ካብ ኣቦይ እተዋህበኩም መዝነት፡ ስልጣንን ጸውዒት ሃዋርያነትን፡ ከይተጐይተትኩም፡ ወይ ከኣ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ኣውራነት፡ ጐይትነት ከይደለኹም፣ ናይ ባርያ ትሕትና ተዓጢቕኩም፡ በብቲ እተዋህበኩም እተፈላለየ ዕዮ፡ ጸውዒትን ጸጋን ኣብ ምፍጻም እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣቦይ ጥራይ ብእሙንነት ምስ እትጽመዱ፡ እቲ ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎትኩም ንሱ፡ ናብቲ ኣብ ዝመጽእ ብኣቦይ ተመዲብልኩም ዘሎ ክብሪ ብምልኣት ከእትወኩምን ተሸለምቲ ክገብረኩምን እዩ። እዚ ዘመን እዚ ከምቲ ኣብ ኣህዛብ ዘሎ፡ ኣብ ላዕሊ ተቐሚጥኩም ኣብ ልዕሊ ካልኦት እትገዝኡሉ ዘመን ኣይኮነን! እዚ ዘመን ምሳይ መከራ እትጸግቡሉ ዘመን እዩ፣ `ንስኻትኩም ግና ብፈተና ምሳይ እተዓገስኩም…(ሉቃ22)` ስለዚ ከኣ ኣውራነት፡ ጐይትነት ኣይትድለዩ፣ ትሕትናይ

ተዓጢቕኩም ኣገልግሉ፣ እንተ ዘይኩኑ፡ ነዚ ተዋሂብኩም ዘሎ እተጸዋዕኩሞ ጻውዒት ዘይብቁዓት ኩንኩም ካብቲ በኣቦይ እተመደበልኩም ክትድርበዩ ኢኹም! `` ኢልዎም! (ማቴ20፡24-28! ማርቆስ10፡42-45 & ሉቃስ 22፡24-30)

እዚ ሓቂ እዚ ኣዝዩ ንጹር እዩ! ሓደ ካብቶም 12 እኮ ገና ኣብቲ ድሮ መስቀል ተደርቢዩ፡ ሽመት ሃዋርያነቱ ከኣ ንኻልእ ተዋሂቡ እዩ (ግብ1፡16-20) ። ስለ ምንታይ፧ እው፡ ሰራቒ ስለ ዝኾነ! ነቲ እተጸወየ ጻውዒት ዝበቅ ህይወት ሒዙ ስለ ዘይተመላለሰ! ስለዚ ከኣ ስልጣኑ፡ ሽመቱ፡ ኣገግሎቱን መጻኢ ዕድሎቱን ንኻልእ ተዋሂቡ። እቲ ኣብ መጻኢ ብኣቦ ተመዲብሉ ዝነበረ ስፍራውን ንኻልእ ክወሃብ እዩ (ማቴ19፡28 ፣ 20፡23 ፣ ሉቃ22፡29-30)

እሞ እቲ ሓቂ እዚ እዩ፥ ሽመት፡ ስልጣን፡ መዝነት ከምቲ ናይ ጥንቲ መድብ ኣምላኽን ኣሰራርሓኡን ካብ ኣምላኽ እትቅበሎ፡ ከምቲ ዝግባእ ብእሙንነት ምስ ዘይትጥቀመሉ ግና፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዓብዩ ሓላፍነት እትሕተተሉ ደኣ እምበር፡ ከም ፍረ ጻዕርኻ እትረኽቦን እትቅበሎን ዓስቢ ኣይኮነን! ``ካብቲ ጸዋዒ እዩ እምበር፡ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፡ እቲ ምኽሪ ኣምላኽ ብምሕራይ ምእንቲ ኺጸንዕሲ፡ ከምቲ፡ ንያእቆብ ኣፍቀርኩ፡ ንኤሳው ግና ጸላእኩ፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ እቶም ደቂ ገና ኸይተወልዱ ኸለዉ፡ ጽቡቕ ኰነ ወይ ክፉእ ከይገበሩ፡ እቲ ዓብዩ ነቲ ንእሽቶ ኺግዝኦ እዩ፡ ኢሉ ተባህለላ። እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፧ ኣብ ኣምላኽዶ ዓመጻ ኣሎ፧ ያእ የልቦን።`` (ሮሜ9፡11-14)

``ሽመት፡ ስልጣን፡ መዝነት ከምቲ ናይ ጥንቲ መድብ ኣምላኽን ኣሰራርሓኡን ካብ ኣምላኽ እትቅበሎ፡ ዘይኮነስ፡ earn እትገብሮ (ከም ፍረ ጻዕርኻ እትወሃቦን እትቐበሎን) ነገር እዩ`` ትብሊ እንተሊኺ ግና፡ እሞ፡ እቲ ይሁዳ ኣስቆሮታ ተቐቢልዎ ዝነበረ ሃዋርነት፡ ብስርሑ earn ዝገበሮ (ከም ፍረ ጻዕሩ እተቐበሎን ዝረኸቦን) ነገር እዩ በልና!

ምድሓን ብነጻ እንቐበሎ ውህበት ኣምላኽ ከም ዝኾነ፣ እቲ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘሎና፡ ተራን ዕዮን (role) እውን ብልዕላውነት ኣምላኽ ከምቲ ናይ ጥንቲ መደቡን ምኽሩን እተወሰነ ጉዳይ ደኣ እምበር፡ ንሕና ከከም ዝሓረኻዮን ዝደለናዮን፡ ወይ ድማ ብጻዕርና ከም ፍረ ድኻምና earn እንገብሮ (እንረኽቦን እንቐበሎን) ነገራት ፈጺሙ ኣይኮነን። ግናኸ ነቲ ብኣምላኽ እተመደበልና ስርዓቱን መደብን፡ ብዝግባእን ብእሙንነትን ምስ ዘይንሕዞ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተሓታትነት የብልናን ማለት ኣይኮነን! ዓብዩ ተሓታትነት ኣለና።

ብዛዕባ ምድሓን ንመልከት። ምድሓን መጀመርታ ከምቲ ናይ ጥንቲ መድብ ኣምላኽን ምኽሩን፡ ብነጻ ካብ ኣምላኽ እንቅበሎ ውህበት ጸጋ እዩ (ኤፌ2፡8-9) ። ግና ኸኣ እቲ ካብ ኣምላኽ እተቐበልናዮ ምድሓን ድማ፡ ምድሓንና እናፈጸምና (ፊሊጲ2፡12-13) ክሳዕ መወዳእታ ብእሙንነት እንዕቅቦ እዩ ዝግባኣና። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ምጽኣት ጐይታ ከኣ፡ ናብቲ ሸው ዝገሃድ ምድሓን ጸጋ ክንኣቱ ኢና። ``ንስኻትኩም ብሓይሊ ኣምላኽ ብእምነት ነቲ ብዳሕራይ ዘመን ኪገሀድ ዘለዎ እተዳለወ ምድሓን ተሐሊኹም ኣሎኹም`` (1ጴጥ1፣5 &13)

ስልጣን፡ መዝነት፡ ሽመት፡ ጻውዕቲ ኣምላኽ፡ ድማ ልክዕ ከምኡ እዩ! ካብ ምንጩ፡ ስልጣን፡ መዝነት፡ ሽመትን ምዱብ ዕዮ ኣገልግሎትን ካብ ላዕሊ ዝወሃበካ ውህበት ኣምላኽ ደኣ እምበር earn እትገብሮ (ከም ዋጋ ጻዕርኻ እትረኽቦን እትቐበሎ) ነገር ፈጺሙ ኣይኮነን። ነቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ስልጣን፣ ብግቡእ ሓላፍነትን ተሓታትን ኣብቲ ኣምላኽ ዝመኸሮ መዓላ ተውዕሎዶ ወይስ ኣብዩዝ ትገብሮ (ብዘይ ኣግባብ ትጥቀመሉ) ግና፡ ካልእ ሕቶ፡ ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣገልግላሊ፡ ጐይታ ክሓቶ እዩ። ንብዙሓት፡ ``ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ካባይ ረሓቑ!`` ክብሎም እዩ (ማቴ7፡21-23)

እንተዳኣ በቲ ሎሚ ጐይታ ዝሃበካ ውህበት፡ መዝነት፡ ስልጣን፡ ሽመት፡ ኣብቲ ጐይታ ሎሚ ዝሃበካ ዕዮ እሙን ኰንካ፣ ኣብቲ ዝመጽእ ኣብ ብዙሕ ይሸመካዶ፧ እወ ይሸመካ! ከም ኡውን ጽሑፍ እዩ! (ማቴ25፡14-30)

``እቲ ሓሙሽተ መክሊት ዝወሰደ ካልእ ሓሙሽተ መክሊት ኣምጽኤ፡ ጐይታይ፡ ሓሙሽተ መክሊት ሂብካኒ፡ እንሆ፡ ካልእ ሓሙሽተ መክሊት ረባሕኩ፡ እናበለ ቐረበ። እቲ ጐይታኡ፡ ሕራይ፡ ኣታ ሕያዋይ እሙን ባርያ፡ ብሒደት ተእሚንካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ብዙሕ ክሸመካ እየ፡ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ፡ በሎ።``

እቲ ክሰሓት ዘይብሉ ሓቂ ግና፡ እዞም ኣብ ማቴ25፡14-30 ዘለዉ ዓየይቲ (ባሮት ጐይታ) ፡ ቅድም ካብ ጐይታ ውህበት እተቐበሉ እዮም። እቲ እተቐበሉዎ ውህበት ከኣ፡ earn ዝገበሩዎን (ከም ፍረ ጻዕሮም ዝረኸብዎን እተቐበልዎን) ዘይኮነስ፡ ብልዕላዊነት ኣምላኽ፡ ከከም ዓቕሞም፡ ካብ ጐይታ እተቐበልዎ ውህበታት እዩ። ኣብ መጻኢ ኣብ ቅድሚ ጐይታውን፡ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒለሞ ዝሕተትሉ ጉዳይ እዩ።

``መገሻ ኸም ዝደለየ ሰብ እሞ፡ ንገላዉኡ ጸዊዑ ገንዘቡ ዝሀቦም እዩ። 15 ንነፍሲ ወከፎም ከከም ዓቕሞም፡ ንሓደ ሓሙሽተ መክሊት፡ ንሓደ ኻልኣይ ክልተ፡ ነቲ ሳልሳይ ድማ ሓደ ሂቡዎም ገሸ።``

ብመጠን እቲ ኣብዚ ህይወት እዚ፡ ነቲ ካብ ኣምላኽ እተቀበልዎ ውህበትን ሓላፍነትን ዝርኣይዎ እሙንነት፡ ኣብታ እትመጽእ ዓለም፡ ኣብ ዓብዩ ስፍራታት ዝስልጥኑ ከም ዘለዎ እቲ ቃል ሓቂ ብንጹር ዝዛረበሉ ሓቂ እዩ።

Yes, እሞ ጐይታ ሕጅውን ስልጣን፡ ሓላፍነት፡ መዝነት ይህብ እዩ። ነቶም ኣብዚ ህይወት እዚ ብእሙንነት ዝዓየዩን ዝጐየዩን ድማ፡ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ኣህዛብ ከም ዘሰልጥኖም ቃል ኣምላኽ ብንጹር ይዛረብ እዩ።

``ነቲ ዚስዕርን ክሳዕ መወዳእታውን ግብረይ ዚሕሉንሲ፡ ከምቲ ኣነ ኻብ ኣቦይ እተቐበልክዎ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣህዛብ ከሰልጥኖ እየ። ከምቲ ኣቕሓ መሬት ዚሰባበር ገይሩ፡ ንሱ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ።`` (ራእይ2፡26-27)

- ንምኻኑ፡ ነዚ ጥቕሲ እዚ እንታይ ኰን ትብልዮ ትኸውኒ፧
- እሞ እቲ ካኖን ኣይተዛዘመን ድዩ ደኣ፡ ጐይታ፡ ንሰባት ኣብ መጻኢ ስልጣን ክህብ እየ ዝብል ዘሎ፧
- ብኸመይ ደኣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ንሰባት ስልጣን ዝህብ፧ ከምቲ መጐተኺ፡ ስልጣን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይዶ ኣይኮነን ዘሎ!
-

‘’ And he who overcomes, and keeps My works until the end, to him I will give authority over the nations— ‘’

The Lord will give them authority! ``I will give authority over the nations— ‘’ እወ! ጐይታ ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ስልጣን ወጻኢ፡ ሕጅውን ንሰባት ስልጣን ይህብ እዩ! ኣብ ዝመጽእ እውን ክህብ እዩ! ምናልባት ግና፡ ``እዚ ብዛባዕባ መጻኢ እዩ፣ ንሕጂ ኣየመልክትን`` እንተዳኣ ኢልኪ፡ ካልእ ፍጹም ዘይተመኻንይሉ ጽሑፍ ክህበኪ እየ።
``እዚኣቶም በተን መዓልትታት ትንቢቶም ዝናም ምእንቲ ኸይዘንም ንሰማይ ኪዐጽውዎ **ስልጣን ኣለዎም።** ናብ ደም ክልውጥዎ ኣብ ልዕሊ ማያትን ንምድሪ ብዝደለይዎ መጠን ብመዓት ዘበለ ኪቐዝፍዋን **ስልጣን ኣለዎም።**`` (ራእይ11፡6)

እሞ፡ ኣየናይ መምህር ወይ ስኮላር እዩ ደኣ፡ ድሕሪ ምዝዛም ምጽሓፍ እቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣምላኽ ንሰባት ስልጣን ኣይህብን እዩ ዝበለ! Who cares about such scholar!? What we solely care is, what the Scripture says!

4. ‘’This leads me to believe that those I submit to are the once that earn my submission based on their submission to the higher authority which is the word of God.’’

   - Though your fourth point, too, has its own enough flaw. I do not want to kill my time getting into that in depth, but just to expose the flaw of your point here, one single example is enough; David knew that king Saul was not in Absolute submission to the higher authority, however, David submitted to Saul. I could give you many other examples like this, but this is enough to refute your philosophy.

5. point#5 ``If any one believes that they can claim authority over anyone else based on their position of power and not service , the Bible teaches me to reject them and that is when the abuse of power comes.``

   ``Abuse of power’’ ከም ዘሎ፡ ነቶም ንስልጣኖም ብዘይ ኣግባብ ተጠቂሞም፡ ንኻልኦት ንዝብድሉ ሰባት፡ ኣምላኽ ከም ዝሓቶም ንጹር እዩ። ግናኸ ሕጅውን፡ ክሓተኪ፡ ``abuse of power’’ ዘርእዩ ሰባት ኵሎም፡ ካብ ኣምላኽ ዝኾነን እተዋህበን ስልጣን ኣይነበሮምን ወይ የብሎምን ዝብል መደምደምታ ግና ሓሶት እዩ። ሓደ ሰብ፡ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ስልጣን ኣለዎ ክነሱ፡ ግናኸ ነቲ ስልጣን ኣብዩዝ ክገብሮ ይኽእል እዩ። በቲ ዝገብሮ ኵሉ ድማ ኣብ ኣምላኽ ክሕተተሉ እዩ። ሕጅውን ክደግመልኪ፡ ሳኦል ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ስልጣንን ሽመትን ነይሩዎ። እቲ ስልጣን እቲ ከኣ ሳኦል earn ዝገበሮ ወይ ከኣ ከም ፍረ ጻዕሩ እተዋህቦን እተወበሎን ፈጺሙ ኣይኮነን። ኣምላኽ ብልዑላዊነቱን መደቡን ኣብ ህዝቡ ንጉስ ክኸውን ንሳኦል ሸይምዎ፡ ስልጣን ሂብዎ ቐቢእዎ። ግናኸ ሳኦል ነቲ ስልጣን ኣብዩዝ ይገብሮ ነይሩን ገይሩዎን። ነኣብነት ንዳዊት ንኽጥፈኦ ብዙሕ ጊዜ መዓልትን ለይትን ይሃድኖ ነይሩ። ስለዚ እዚ ምርዳእኪ፡ እዚ ኢልካ ዘይቁጸር ብዙሕ flaws ዝመልአ እዩ።

6. ``6. You mentioned that there are God appointed, authorized workers today, I agree but the Bible tells me to submit and obey to the truth they speak.``

  - **ዋውው! ዘገርም! ከምዚ ዝብል ካበይ ኣምጺእክዮ!፧ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ``ነቶም ኣምላኽ ዝሸሞምን ዝለኣኾምን ሰባት ዘይኩነስ፡ ነቲ ንሳቶም ዝዛረብዎ ሓቂ ጥራይ ተኣዘዙ`` ኢሉ ኣይኣዘዘን። እዚ ናትኪ ናይ ገዛእ ርእስኺ ምርዳእን ትንተናን ጥራይ እዩ፡ ብቀጥታ ድማ ምስቲ ሓድሽ ኪዳን ዝእዝዞ ሓቂ ዝቃረን ምርዳእ እዩ።**

``ንመራሕትኹም **ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን። ንሳቶም ከምቶም ጸብጻብ ዚህቡ ኾይኖም፡ ምእንቲ ነፍሳትኩም ነቒሖም ይሕልዉ ኣለዉ እሞ፡ ነዚ ብታሕጓስ ኪገብርዎ እምበር፡ ብኣሂ እንተ ገበርዎ፡ እዚ ንኣካትኩም ኣይጠቅምን እዩ።``** (**ዕብራውያን** 13:17)

``ንመራሕትኹም **ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን።``** Period! **ወይ ነዚኣ ወሓጢያ እሞ ካብዚ ስሑት ምርዳእኪ ተመለሲ፡ ኣይኩነን፡ እቲ ቃል ሓቂ ኣይልወጥን!**

7. ``7. I don't agree with your comparison of Satan's authority. I find it to be offensive comparison. Satan's authority of hierarchy and submission is the exact opposite example of God's kingdom. I am surprised that you even brought it as an illustration to explain how authority works.``

    - **ኣብዚ ዝገረመኒ ነገር ኣሎ፡ ንሱ ከኣ ዘይበልኩዎ ነገር ክትብሊ ምፍታንኪ እዩ።** `` I am surprised that you even brought it as an illustration to explain how authority works.`` **ዋውው! ንራእይ** 13፡2 **ስልጣን ከመይ ከም ዝዓዩ ንምብራህ ጠቒሰዮ፧ ከመይ ከመይ ድዩ ዓዲ፧  ኣነ ኣብ ናይ ሰይጣን ንዘሎ ሃይራርኪ ከም ኣብ ኣብነት ተጠቂመሉ ድየ፧ ኣነ ነዚ ዝጠቐስኩዎ ምኽንያት ኣብቲ ጽሑፈይ ኣዝዩ ንጹር እዩ። ንሱ ከኣ ሰይጣን ከይተረፈ፡ ነቲ ክፉእ ዕላማኡ፡ ዓብዪ ስልጣን ይህብ እዩ** (**ራእይ**13፡2) **፣ ኣምላኽና ደኣ ግዳ ክሳዕ ክንደይ ሎሚ ኣብዚሑ ዘይህብ! ናይ መን ዕዮ ደ ይዓብን ይሰፍሕን!? ናይ ኣምላኽ ወይስ ናይ ሰይጣን!? እዚ ንኽብል እየ ነቲ ቃል ጠቒሰዮ። ብጣሚ ንጹር እዩ ነይሩ ዘረባይ! በሊ እቲ ዝጸሓፍኩዎ እንቋዕ ኣብቲ ልጥፎኺ ሃለወ! ነቲ ዝበልኩኺ ኣብዚ ክደግመልኪ፦**

    - ``Let me remind you another Scripture, (of course, on the negative side), " And the beast which I saw was like a leopard, and his feet were like those of a bear, and his mouth like the mouth of a lion. And the dragon gave him his power and his throne and great authority. (Rev13.2)

      Now, if the devil still gives great authority to his present servants, then why not the living God!?

      Paul said, " This is why I write these things when I am absent, that when I come I may not have to be harsh in my use of authority--the authority the Lord gave me for building you up, not for tearing you down."

      As it is clearly stated in the N.T., the building up of the Ekklesia of God is not finished yet. If so, then there are still God appointed, authorized workers today. They use their God given authority to build, and when necessary to tear. They use their God give authority to teach the Scripture with all authority, to rebuke, to correct, to discipline and even to expel evil people. These all requires God given authority.``

``That being said, if you deny this in the name of: "all authority is only in the Scripture," then you are denying the Scripture itself, because what I am reminding you is the very teaching of the Scripture itself!``

- እሞ፡ ኣብ ዘመን በዓል ጳውሎስ፡ ሰይጣን ዝቐብኦም፡ ስልጣን ዝህቦምን ዝልእኮምን ብዙሓት ናይ ሓሶት ዓየይቲ ነይሮም (2ቆረ11፡1-4, 13-15) ፣ ሎሚውን ኣሎዉ (ማቴ7፡15 ፣ ራእይ2፡2) ፣ ኣብ ዝመጽእ እውን ብብዝሒ ክህልዉ እዮም (ማቴ24 & ራእይ13) ። ካብዚ ንላዕሊ ግና፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሓቂ ንክምህሩ፡ ክሰብኩ፡ ክእውጁ፡ ነቲ ሓቂ ክጣበቁ፣ ካብታ ምህሮ ሓቂ ንዝግልበጡ ኵሎም ድማ ኣፎም ዝዓብሱ፣ ኣምላኽ ዝቐብኦም፡ ዝመዘዞም ስልጣን ዝሃቦም፡ ዝሸሞምን ዝለኣኾምን ቁጽሪ ዘይብሎም እሙናት ዓየይቲ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ምሉእ ቸርች ሂስትሪ ነይሮም፣ ሕጂ ኣለዉ፣ ብሕጅውን ክህልዉ እዮም።

Finally, እዚ ዋላ ሓንቲ መደገፊ ጥቕሲ ዘይብሉ ኣብዚ ጠቒዕክዮ ዘለኺ ኣበሃህላ ጆን ስቶት ግና፥ ንምህሮ ሰብ ከም ዘለዎ ዘይትስዕቢ እንተ ትኾኒ ነይርኪ፡ ኣብ ፌስቡክ ቅድሚ ምልጣፍኪ፡ ቅድም ጽቡቕ ገርኪ ክትምርምርዮ ምተገባኣኪ! ‘’There are no authority figures in the church, who can teach like apostles in the name & with the authority of Christ. The New Testament is complete & all Christian teachers are called teach humbly under its authority’’ (John Stott) ።

ቀዳማይ ቀዳማይ፥ ስለ ምንታይ እዚ ሰብኣይ፡ ‘’all Christian teachers’’ ዝበል፤

ሎሚ ጐይታ መማህራን ጥራይ ድዩ ዝህብ፤ ብመሰረት እቲ ንጹር ትምህርቲ ሓድሽ ኪዳን መማህራን እኮ እቶም ከተማዊ ጓሶት እዮም። እሞ ጐይታሲ፡ ጓሶት (መማህራን) ጥራይ ድዩ ንምህናጽ ስጋኡ (ኤክለሲያኡ) ዝህብ ወይስ እቶም ኣብ ኤፌሶን4፡11 ዘለዉ ብምልኦም!፤ በሊ ክነግረኪ፡ John Stott, ሰሰሺኒስት ስለ ዝኾነ እዩ ከምዚ ዝበል ዘሎ። ንስኺ ድማ፡ ወይ ቅድም ሰሰሽኒስት ምኳንኪ ብግልጺ ንገርና! ካብ መኣስ ሰሽኒስት ኰንኪ፤ ስለ ምንታይከ ሰሰሺንስት ኰንኪ፤ ቅድም ብንጹር ንገርና! ኣነ ቀደም ክፈልጠኪ ከምኡ ስለ ዘይነበርኪ!

ካልኣይ፡ ``The New Testament is complete & all Christian teachers are called teach humbly under its authority’’ ዝበላ!

ሕቶይ ንጆን ስቶትን(ሕጂኳ ብህይወት የለን) ንዓኽን ከም ናትኪ ምርዳእ ንዘለዎም፡ ኣብዚ ድማ like ንዝሃቡኺ ኣሕዋት ኵሎም፦ Where about all the first century apostles and workers? Were they above the authority of the Lord Jesus Christ’s teaching? Were they not all, too, under its authority!? ኣብ ላዕሊ ብንጹር ገሊጸልኪ ኣለኹ! ነታ እንኮ ምህሮ ካብ ሰማይ ሒዙዋ ዝመጸ ጐይታ የሱስ ባዕሉ እዩ። ጐይታና ኸኣ፥ ቅድም ነቶም 12 ምህሪዎም፡ ኣሰልጢንዎም። ኵሎም ድማ ኣብ ትሕቲ ስልጣን እዛ እንኮ ምህሮ እዚኣ ኰይኖምን ነይሮምን። ከም እሙናት ባሮት ክርስቶስ ድማ ነዛ እንኮ ምህሮ እዚኣ፡ እናተቐባበሉ ምሂሮማ! ብዛዕባ ኣብ ምጽሓፍ እቲ ሓድሽ ኪዳን ግና፡ ኣብ ላዕሊ ጽቡቕ ገይረ ገሊጸልኪ እየ። መጀመርታ ክፍለጥ ዘለዎ፥ ኣብ ምጽሓፍ እቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ኵሎም ሃዋርያት፡ መጽሓፍ ኣይጸሓፉን። ድሮ ኣብ ግብ2፡42፡ እታ እንኮ ትምህርቲ (``ትምህርቲ ሃዋርያት``) ነይራ እያ! እቶም ሃዋርያት ብቑጽሪ 12፡ እታ ምህሮ ግና እንኮ ጥራይ። ሓድሽ ኪዳን ተጻሒፉ ምስ ተዛዘመ እንተ’ኾነ እውን፡ እታ እንኮ ትምህርቲ ሃዋርያት እያ ብጽሑፍ ሰፊራ! እታ ምህሮ እንኮ ጥራይ እያ፡ እቶም ዓየይቲ ኸኣሎም (ኤፌ4፡11) ግና፡ ኣዝዮም ብዙሓት! እዚ እዩ እቲ ንጹርን ጽሩይን መልእኽቲ ሓድሽ ኪዳን።

እቲ 27 መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን እኮ፡ ሓድሽ ነገር ኣይኰነን! እቲ 27 መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን፡ እታ ጐይታ ኣብ ዮሃንስ 7፡16 ``ትምህርቲ ኣቦይ`` ዝበላ፡ ንሱ ባዕሉውን ``ትምህርተይ`` ዝበላ (7፡17)፡ ኣብ ምድሪ ከሎ ብምልኣት ዝመሃራ፣ ቀጺላ፡ እታ እንኮ ትምህርቲ ሃዋርያት ዝኾነት (ግብ2፡42)፡ ጳውሎስ እውን ብግዲኡ ትምህርተይ ዝበላ (2ጢሞ3፡10)፡ ንጢሞቴዎስ እውን ንትምህርትኻ ተጠንቀቐላ እተባህለቶ (1ጢሞ4፡16) እያ። እቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን፡ ምጽሓፍ እዛ እንኮ ምህሮ እዚኣ እዩ። እቲ ፍልልይ፡ እታ ትምህርቲ ኣብ ጽሑፍ ስለ ዝሰፈረት ጥራይ እዩ። ሓዋወስቲ ዓየይቲ ኣብ ከከተማኡ እናተፈነዉ፣ ነተን ኣብ ከከተማኡ ዝነበራ ኤክለሲያታት ኣምላኽ የናዕቡወን ይገላብጡወን የዕንውወንን ስለ ዝነበሩ፣ እቶም ቅዱሳን ንሓሰውቲ ዓየይቲ (ሃዋርያት ሓሶት፡ ነብያት ሓሶት፡ ወንጌላውያን ሓሶት ጓሶትን መማህራንን ሓሶት፡ ነሕዋት ሓሶት)፡ ካብቶም ናይ ሓቂ ዓየይቲ (ሃዋርያት ሓቂ፡ ነብያት ሓቂ፡ ወንጌላውያን ሓቂ፡ ጓሶትን መማህራንን ሓቂ፡ ኣሕዋት ሓቂ) ፈልዮም ምእንቲ ክፈልጥዎም እዩ እቲ ሓድሽ ኪዳን በብ ጊዜኡ ተጻሒፉ። መኣስ ኣብ ሓደ እዋን ተጻሒፉ! ያእ ኣይፋሉ! በብእዋናኑን ነናብ እተፈላለያ ኤክለሲያታትን እዩ ተጻሒፉ። ኣብ ማእከለን ንዝበረ

እተፈላለየ ዕግርግር፡ ድብልቕልቕ፡ ሕንፍሽፍሽ፡ ብምብዳህን ብምቅላዕን፣ ኣብ ኵሉ ስፍራ እቲ ኣምላኻዊ ሰማያዊ ስርዓት(ኦርደር) ንምምጻእ እዩ ተጻሒፉ። እቲ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣምላኽ ብልዕላውነቱ ኣብ ዘዘመኑን ወወለዶኡን ንዝሓርዮም፡ ንዝጽወዖምን ንዝሸሞምን በቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ስልጣንን ሓላፍነትን ንዘገግሉ ዓየይይቲ (ኤፌሶን4፡11) ንምትካ ፈጺሙ ኣይተጻሕፈን። እቶም ከምኡ ዝብሉ፡ ንውህበታት ኣምላኽ ኵሎምን ኣሰራርሓኡን ኣብዚ ዘመን እዚ ዘይቅበሉ፡ ዝሰሓቱ ሰባት እዮም።

እምበኣር፡ ብርኽቲ ሓፍተይ፡ ብኣምላኽ እተላእኩ፡ እተመዘዙ፡ ነታ እንኮ ምህሮ ሓቂ ዝእውጁ፡ በዛ እንኮ ምህሮ ሰማይ ንኔሽንስ ዲሳፕል ዝገብሩ፡ ነቶም ኣምላኽ ዘቀሞ ስልጣናትን ስርዓታታትን ኵሉ ዝሕልዉን ዝጣበቑን ሰብ መዝን ስልጣንን፡ ሎምውን ኣብተን ኣብ ምድሪ ዘለዋ ኵለን ኤክለሲያታት ኣምላኽ ኣለዉ፣ ክህልዉ እዮም ድማ።

ነዚ ዝብሎ ዘለኹ ብሰናይ ሕልና ክትቕበልዮ ተስፋ እገብር። ከም ፍቓድ ኣምላኽ፡ ኣብታ ኻልኣይቲ ደብዳበይ ክሳዕ ንራኽብ ጽቡቕ እምነየልኪ።